# ኢሳያስይ ዘበንካ ተላዒሉ
# ህዝባዊ ሰራዊት ክደልየካ ውዒሉ

ህዝባዊ ሰራዊት ክደልየካ ወዓለ
ኢሳያሰይ ደጊም መእተዊኻ ድለ
ክንዳይ ሳዕ ኣሎ ውሽጣውሽጢ ምኽዋለ
ነዓ ድኣ ሎሚስ መሕበኢኻ ድለ
መሕደሪ ዘይብልካ ኣብ ጎልጎልዶ ይዋዓለ
ኢሳያሰይ ሎሚስ ይኣኽለካ ዝገሃጽካዮ ሓኸለ።

ዘጥፋእካዮ መንእሰይ ክትክሰሰሉ
ብዘይፍርዲ ዝኣሰርካዮም ክትሕተተሉ
ዝገበርካዮን ዝፈጸምካዮን  ገበን ክትዛረበሉ
ካብ ግዜ ሰውራ ኣትሒዝካ ንኤርትራዊ ዝተላገጽካሉ
ኣበይ ከምዘለዉ በዓል ሙሴ በዓል ዓፋ ምስጢር እተውጸኣሉ
እነሆ ግዜ ኣኺሉ ይቀላቐል ኣሎ ባዕሉ
መሲሉካ እምበር ስልጣንሲ መሓዛ ነይብሉ።

ህዝባዊ ሰራዊት ዓጢኩልካ ኣሎ
ነዓ ድኣ ኢሳያሰይ ንህድማ ተዳሎ
ኣየዋጽኣካንዩ ቀሪብካ ኢኻ ክትዕሎ
ናብ ዝረድኣካ ኣእዊ ከይኣትወከ ሰለሎ
ጀነራላትካ ኣይትእመን ሕሰብ ድኣ ተሎ
ካብ ስለያኻ ኣውን ምሳኻ ሓደኳ ነየሎ።

ህዝብና ተዓጠቕካ ሓሉ
ህዝባዊ ሰራዊት ተላዒሉ
ቅድም ንህዝቢ ኢሉ
ሎሚ ከም ኣመሉ
ንህዝቢ ራህዋ ከምጻኣሉ
እነሆ ተዓጢቑ ተላዒሉ
ኣጆኻ ህዝቢ ቀሪቡ እትፍስሃሉ
ደቅኻ ሓቍፍካ እተዘንትወሉ
ንዝሓለፈ ብሓዲሽ እትብገሰሉ
ክሳድካ ናዕ እተብለሉ
ግዜ ይመጽእ እንሆለ ኣስተውዕለሉ።

ኣጆኻ ህዝባዊ ሰራዊት
ባዕልኻ ሓዛ እታነዊት
ክትድርዕሞ ነዚ ጨካን ኣራዊት
ክትሕበን ክትስሕቕ ወላዲት
ንብዓታ ክሕበስ ኤርትራዊት
ተሃንዡቱ ክብላዕ ሽዊት
ኤርትራና ክትከውን ቅዋማዊት።

ህዝባዊ ሰራዊት ህዝቢ ሓሉ
ጀነራላት ኣብ ቍጽጽርካ ይውዓሉ
ሶሊኾም ከይፈላልዩኻ ጎሓላሉ
ጥራናፊ ኣጽንዕ ኣይትፍኽሰሉ
ዝሓለፈ ኣድማ ተመሃረሉ
ጀብሃ ሻዕብያ ዘይብሉ
ብሓደ ዓይኒ ንኹሉ
ብወገን ዝመጸካ ኣይተስተብህለሉ
ብዓሌት ዝመጸካ ኣይተድህበሉ
ብኣውራጃ ዝመጸካ ኣይትሕለየሉ
ብሃይማኖት ዝመጸካ ኣይትስተውዕለሉ
ውጹዓት ሓደ ኮይኖም ዝሰምሩሉ
ሕጊ ድኣ ኣንግስ ብኹሉምሉ
ህዝቢ ሰሚሩ ሃገር ዝርከበሉ
ስልጣን ዝህብ ንሱ ኢዩ ባዕሉ
ስልጣኑ ምኧኑ ኣተንበሃሉ
ባይታ መድምድካ ኣጣጣሓሉ።

ህዝባዊ ሰራዊት እነሆ ተላዕለ
ንጨቋኒ ስርዓት ወጊድ ክብለ
ቅንዕና ክነግስ ክፉእ ከይሓንኮለ
ኣበይ ድኣ ኣበሉ ከብለ
ደጊያት ዓብዱ ዓሊ ኣበይ ኣበለ
ጀነራል ውጩ ኣበይ ኣበለ
ጀነራል ወዲ ጀነራል ኣበይ ኣበለ
መሬት ወሓጥኒ እንታይ ገረ እናበለ
ክሃድም ኢዩ ጭርኡ እናደጎለ
ደጊም ብዓለት ብወገን ኣይንፈላለ
ብሃይማኖት ብኣውራጃ ኣይንፈላለ
ሓደራ ኩልና ንደላለ
ሰሚርና ክንነብር ንተሓላለ
ተዓጢቕና ነጽርዮ ዝሓተለ
ሎምስ ይኣክል ንሕሰብ ናይ ወሓለ።

ደጊም ኣሕዋት ኣይንዓሹ
ዝሓለፈ ይኣኽለና ነገር ኣይነበላሹ
ሓቂ ይወጽእ ኣሎ ጥሒሹ
ኩሉ ዝምርመረሉ ተፈቲሹ
ደጊም ኣሕዋት ኣይንዓሹ።

ሓደ ኢድ ንኹን እስላምና ክስታና
ሓደ ልቢ ንኹን መታሕት ከበሳና
ሓደ ሕልና ይሃልወና ክርህወና
ዘላቒ ሰላም ክረክብ ህዝብና
ክትጥጥዕ ዲሞክራሲያዊት መትከልና
ክትለምዕ ክትዕምብብ ሃገርና
ፍትሓዊ ሕጊ ክሰፍና

ብኣብዛሃ ሰልፊ ተኣኻኺብና
ብእንካን ሃባን እናተሰማማዕና
ዝሓይሽ ክመርጽ ህዝብና
ባይታ ነጣጥሃሉ ነዓይ ነዓይ ከይበልና።

ኣጥፉኣዮ ናይ ተንኮል ሓዊ ዝተወለዐ
ስምምዕ ክመጽእ መጋረጃ ሓሶት ምስ ተበስዐ
ፍታሕ ክመጽእ ሓቂን ሓሶቱን ምስ ተቓለዐ
ህዝቢ ናብ ሃገሩ ምስ ዓቕነዐ
ሽዑ ክስማዕ ኢዩ ኩሉ ዝተገፍዐ።

ሃየ ሃዝባዊ ሰራዊት ሓዝ ኣይትልቅቕ
ንቕድሚት መሪሽ ኣይትበል ወለቕ ዘለቕ
ታሪኽ ድገሞ እዚ ውልቀ መላኺ ክጭፍለቕ
ሃገር ኣባኻ ኢያ ክትወድቕ ይጸብቕ ይሕመቕ
መደምደምታ ክትገብረሉ ዲግዲጊት ተዓጠቕ
ንድሕሪት ምምላስ የለን ንዘላኣለም ከይትጭፍለቕ።

ሓቦ ግበር ብረት ኣብ ኢድካ ሒዝካ
ኢሳያስ እንተገዲፍካዮ ጽባሕ ንግሆ ነይገድፈካ
ኣብ መዓሙቕ ኣእትዩ ሽርብ ከብለካ
ኣይንድሕነት ህዝብኻ ኣይንድሕነትካ
ብጥንቃቐ ሓዞ ከይወጽእ ካብ ኢድካ
ተቐዳዲምካ ቀፊዶ ሊሒኹ ከያኣትወካ
ኣይትገራህ ሓሉ ምስጢርካ።

ህዝቢ እውን ኣጸቢቕካ ተኸታተል
ጆብሃ ሻዕብያ እናበልና ኣይንዘናጠል
ንኹልና ክርህወና ኣይንበል ሰንከልከል
ሃገር ንኹልና ኢያ እንታይ ግደይ ኣይንበል።

ብድራር መንታይ